# መትከላዊ መርገጺ ኤርትራ ኣብ ህሉው ኩነታት ምስ ኢትዮጵያ




## I. ልኡላውነት ኤርትራ፡ ፍጹምን ዘይግሃስን

• ልኡላውነት፡ ናጽነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሃገረ ኤርትራ ዘየማጉት፡ ዘይግሃስን ፍጹምን እዩ። ኤርትራ፡ ንልኡላውነታ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት፡ ብቅድመ-ኩነትን ጎነጻዊ ምፍርራሕን ሕድገታት ይኹን ዘተ ኣይትገብርን።

• ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ሕጋዊ ይኹን "ሰናይ ክርክር" ማለት ክልቲኦም ወገናት ብቅንዕና ዝኣምኑሉ ዘዛቲ ጉዳይ የለን።

• ግሁድ ጥሕሰት ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ሰልፊ ብልጽግና ኣብ ልዕሊ ልኡላዊ ዶባት ኤርትራ "ንቡር ምግባር"፡ ናይ ሓንቲ ሃገር

ማያዊ ገማግም ብምኽንያት "ስትራተጅያዊ ኣገዳስነት" ክትውንኖ ምምናይ፡ ንነፍሲ-ወከፍ ዶባት ኣፍሪቃ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ'ዩ። ኤርትራ ልኡላውነታ ክትሕሉ እንከላ፡ መወዳእታኡ ነቲ ህላወን ጸጥታን ነፍሲ-ወከፍ ኣፍሪቃዊት ሃገር ዝቕመሎም መትከላት'ያ ትከላኸል ዘላ።

## II. መበቈል ቅልውላዋትን ኣገዳስነት ተሓታትነትን

• ኣብ መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ እናወሰኸ ዝኸዱ ዘለዉ ዘይርጉእነትን ቅልውላዋትን፡ ፍርያት ናይቲ ብፍላጥ - ብዘይ ዝኾነ ይኹን ድርኺት ንዓመታት ጅኦ-ፖለቲካዊ ጎነጽ ከካይድ ዝጸንሐ ገዛኢ ሓይሊ ኢትዮጵያ፡ ስርዓት ብልጽግና እዩም። እቲ ዝኸይድ ዘሎ ወተሃደራዊ ኩነታት፡ ዲፕሎማስያዊ ጎነጽን ቁጠባዊ ምጉብዕባዕን፡ ብመሓውራት ገዛኢ ሰልፊ ብልጽግና ዝተወደበን ዝተመወለን'ዩ።

• እቲ “ኩሎም ወገናት” ወይ “ክልቲኦን ሃገራት” ነቲ ኩነታት ከተሃዳድኦ ዝብል ቁጡብ ሓፈሻዊ ጻውዒት ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ፡ ሕጋዊ ጉድለት ዘለዎ ኮይኑ፡ ዲፕሎማስያዊ ፍረ’ውን ኣይርከቦን። ነታ ዞባዊ ጎነጽ ተጐሃህር ዘላ ገበነኛ ሃገርን ሕጋዊ ልኡላውነታ ትከላኸል ዘላን ሃገርን ማዕረ ዝኾነ ግጉይ መዐየሪ ዝህብ’ዩ። ከምዚ’ኦም ዓይነት መግለጺታት፡ ሓላፍነት ሃገራት ዘቈናጽቡን ሽለልትነት ዘተባብዑን’ዮም። እቲ ወጥሪ ክዝሕለሉ ዝኽእል ቅኑዕ መገዲ፡ ነቲ ቅልውላው ንኽዓርግ ዓቢ ተራ ዝጻወት ዘሎ ሓይሊ (ሰልፊ ብልጽግና)፡ ኣብ ጎነጽ ዝተመርኮሰ ፖሊስታቱ ደው ከብሎ ምስግዳድ እዩ።

• ኤርትራ ወሪራትና ዝብል ክሲ ብመሰረቱ ዝተፈብረኸ’ዩ። እዚ መሰረት ዘይብሉ ጥርዓን፡ ካብ ተሓታትነት ንምህዳም ዝተወሃሃደ ናይ ኵናት ሓበሬታ ብምህንዳስ፡ ንኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ኣታሊልካ ነቲ ዘይምኽኑይ ወራር ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ፍትሓዊ ንምግባር ዝዓለመ’ዩ ነይሩ።

## III. ስትራተጅያዊ ግትኣት፡ ተኸላኸሊ ቁመናን ምሕላው ልኡላውነትን

• ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ’ቲ ዓለም ዝፈለጦ ዶባት ሃገረ ኤርትራ’ዩ ዘሎ። ቁመና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ምክልኻል ኣተኩሩ፡ ንህሉው ኣህጉራዊ ዶባት ኣኽቢሩን ብኣህጉራዊ ሕጊ ተቐዒዱን ይኸይድ።

• ብተደጋጋሚ፡ ዋላ’ውን ድሕሪ ውዕል ፕሪቶርያ፡ ኤርትራ ኣብ ልኡላዊ ግዝኣት ኢትዮጵያ ኣትያ ዝብሉ ዘደናግሩ ናይ ምትላል ሓበሬታታት ክዝርግሑ ጸኒሖም’ዮም። እዞም ግጉያት ክስታት፡ ናብ’ቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ብውሳነ ኮምሽን ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን (Arbitral Award) ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ዝኾነ መሬት እውን ዘመልክቱ’ዮም።

• ኤርትራ፡ ንዝኾነ ናይ ታሪኻዊ ዋንነት ሕቶ ኣይተሳስን፡ ኣብ ኢትዮጵያ ይብጽሓኒ’ዩ ትብሎ ከምዘይብላ እውን ተረጋግጽ።

• ብኣንጻር’ቲ ዘሎ ቀጻሊ ምትኹታኹን ዘንቀደ ዘመተን፡ ኤርትራ ስትራተጂ ልዑል ትዕግስቲ ክትክተል ጸኒሓ’ላ። ከም’ዚ ዓይነት ናይ ርጉእነት መትከል፡ ንቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ታህዋኽን ሓደገኛ ዞባዊ ኵናትን ክገትእ ዝኽእል’ዩ።

• ኤርትራ ንሰላም ዘለዋ ድሉውነት ኣብ ቦታኡ ኮይኑ፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ዝህባ መሰል፡ ካብ ዝኾነ ጎነጻውን ናይ ወራር ሓይልን ልኡላውነታ ንምክልኻል ምሉእ ብምሉእ ድልውቲ'ያ።

IV. *መቓን ንነባሪ ዞባዊ ሰላምን ሕጋዊ ስርዓትን*

• *መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ህዉኽ ኣጀንዳ ዝተሰነዐ ግጭት፡ ዞባዊ ቅልውላው፡ ኣዕናዊ፡ ሰዓሪ ዘይብሉ ጂኦ-ፖለቲካዊ ቀውሲ ክጽመድ ሸውሃት የብሉን።*

• *ኤርትራ፡ ንነዊሕ ዝጠመተ ዞባዊ ርግኣት፡ ብሕጋውን ሓላፍነታውን መንፈስ ንሓድሕዳዊ ዝምድና ሃገራት ኣብ ዝግበር መስርሕ፡ ከም ወትሩ ኣብ መብጽዓኣ'ላ። ራእይ ኤርትራ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሓድሕዳዊ ምክብባር፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ካልኦት ዘይምትእትታውን ኣብ ጥቡቕ ምእዙዝነት ንኣህጉራዊ ሕግን ዝተመርኮሰ'ዩ።*

• *ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ዘላቒ ሰላምን ግብራዊ ጸጥታን ክረጋገጽ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ'ውን ዝድግፎ ፍጹም ምእዙዝነት ንኣህጉራዊ ሕጊ ምስ ዝህሉ ጥራይ'ዩ። ፍጹምነት ልኡላውነትን ማዕርነትን ሃገራት ንምርግጋጽ፡ ናይ ምስፍሕፋሕ ልምዲ ይኹን ብሓይሊ ልኡላዊ ግዝኣት ካልኦት ክትጎብጥ ምድላይን ጥርዓናት ምኽላስ ዶባትን ዝኣመሰሉ ጉዳያት ክውገዱ ኣለዎም።*

*ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሃገር ኤርትራ*

21 **ጥቅምቲ** 2026